መዝሙር ልደት

# መዝሙር እምነት 25 ኣብ ማሕጸን ድንግል ምስፋሩ

1. ኣብ ማሕጸን ድንግል ምስፋሩ፡ ደሪትዎ ንኽብሩ፡
   ንነፍስ ወከፍና መሲሉ፡ ዘገርም ኢዩ ፍቕሩ።
   እቲ ቓል ስጋ ለበሰ፡ ኣብ ማእከልና ሓደረ፡
   ዘስተውዕል ምስጢር ልደቱ፡ ይኣቱ ናብ ክብረቱ።

2. ፍሉይ ካብ ኩሎም ሕጻናት፡ መላእኽቲ ዓለልሉ፡
   ሕጻን ኮነ ዓቢ ንጉስ፡ ጠቢባን ሰገድሉ።
   ዘገርም'ዩ መስፍን ሰላም፡ ስለይ ስጋ ለበሰ፡
   ልበይ ሎሚ ኣግፋሓሉ፡ ኣኽብሮ ተሓጉሰ።

3. ዓለም ኣየለለየቶን፡ ሃደነቶ ንነይታ፡
   ነቶም ዝተቐበልዎ፡ ግን ኮነሎም ወጋሕታ፡
   ኣብ ድነ ሞት ዝነበርና፡ ጸጋና ሓቅን ወጸልና፡
   ንኣምላኽ ከይረኣናዮ፡ 'ቲ ሕጻን ኣግሃደልና።

4. ክብሪ ንሕጻን ቤት ልሄም፡ ክብሪ ንሓያል ኣምላኽ፡
   ግደ ኣሎኒ ኣብ ርስቱ፡ ምእንታይ ብምውላዱ።
   ክብሪ ንሕጻን ቤትልሄም፡ ክብሪ ንወዲ ዳዊት
   ይሰግደሉ ኩሉ ህዝቢ፡ ንንጉስ ናይ ሰማያት።

ሻ.ገ

# <u>መዝሙር እምነት 26 ሓደ እዋን ኣብ ዓዲ ዳዊት</u>

1. ሓደ እዋን ኣብ ዓዲ ዳዊት፡
   ጽላል ከብቲ ነበረ።
   ኣደ ወዳ'ተንብረሉ ኣብቲ መብልዕ ማል ኮነ፡
   ማርያም'ያ እታ ኣደ የሱስ ክርስቶስ 'ቲ ሕጻን።

2. ዘገርም ቁልዕነቱ፡ የኽብራ የገልግላን፡
   ይእዘዛ ነዲኡ ሓቑፋቶ ንዘላ፡
   ክርስትያናት፡ ቆልዑ ኩሎም ክእዘዙ መሃሮም።

ሻ.ገ

# መዝሙር እምነት 27 እቲ ዓለም ብእኡ ዝኾነት

1. እንሆ ድንግል ክትጠንስ፡
   ክትወልዶ ንኽቡር ንጉስ፡
   ዝተባህለ ቃል ክፍጸም፡
   ተወሊዱ ኣብ ቤት ልሄም።

ተደጋሚ፡ እቲ ዓለም ብእኡ ዝኾነት፡
ህይወት'ውን ኣብኡ ዝነበረት፡
እቲ ቃል ኮነ ስጋ ፡
ኣባና ሓደረ መሊእዎ ጸጋ።

2. ንሓጥኣን ምሕረት ክገብር፡
   ቅዱስ ኪዳኑ ከኽብር፡
   ንቓል ተስፋኡ ፈጸሞ፡
   ምድሓንና ኣብ መስቀል ዛዘሞ፡
   *ተደጋሚ፡-*

3. ናይ የሱስ መዓልቲ ልደቱ፡
   ሰማያት ገለጾ ዕቤቱ፡
   ¶ሶት ንኣምላኽ ወደሱ፡
   ሰብ ጥበብ ህያቦም ኣፍሰሱ።

ተደጋሚ፦

4. ካብ ኢድ ኩሎም ዝጸልኡና፡
   ክንመላለስ ድሒና፡
   ከነምልኾ ብዘይ ፍርሃት፡
   ኣቒሙልና ኪዳን ምሕረት።

ተደጋሚ፦

ዑ.ሃ

# <u>መዝሙር እምነት 28 ዓቢ ሓጎስ ኮነ</u>

1. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ ጎይታና፡
   <u>መድሓኒ መጺኡ ብርሃን ከብርሃልና(2)</u>

2. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ የሱስና፡
   <u>መድሓኒ መጺኡ ሓራ ከውጽኣና(2)</u>

3. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ መድሓኒና፡
   <u>መድሓኒ መጺኡ ሓጎስ ክመልኣና(2)</u>

4. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ ጎይታና፡
   <u>መድሓኒ መጺኡ ሰላም ከምጽኣልና(2)</u>

5. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ ጎይታና፡
   <u>መድሓኒ መጺኡ ድሕነት ክህበና(2)</u>

6. ዓቢ ሓጎስ ኮነ ልደት ናይ መድሓኒና፡
   <u>ክርስቶስ መጺኡ ህይወት ክህበና(2)</u>

ብ.ካ

## <u>መዝሙር እምነት 29 ንዑ’ሞ ነመስግኖ</u>

1.እሙናት ኩላትኩም ንዑ ናብ ቤትልሄም፡
ኣብኡ ተወሊዱ መድሓኒኹም፡
ንጉስ መላእኽቲ መሲሉ ከም ድኹም።

ተደጋሚ:- ንዑ’ሞ ነመስግኖ /3/
ንንጉስና

2.ኩላትኩም መላእኽቲ ዘመሩ ንኽብሩ፡

ኣኽብርዎ ሰለ ዓቢ ምሕረቱ፡
ክብሪ ንኣምላኽ ንሰማይን ምድርን።

ተደጋሚ

3.ክብሪ ይኹን ንኣኻ ናብዚ ብምውራድካ፡
ቃል ናይ ኣብ ብስጋ ተገሊጽካ፡
ኩሉ ምስጋና ንህቦ ንኣኻ።

ተደጋሚ

ኣ.ሓ

**መዝሙር ሆሳእና**

## <u>መዝሙር እምነት 30-ሆሳእና ኣብ ኣርያም</u>

1. ዎ የሱስ ብእምነት እኺይድ ምሳኻ፡
   ካብ ቢታንያ ናብ የሩሳሌም ፡
   ክዳነይ ዘርጊሐ ጨንፈር ስየ ሕዚ፡
   ሆሳእና ክብል ክቡር ንጉስ ሰላም።

ተደጋሚ:- ሆሳእና ካብ ኣርያም ፡ ሆሳእና ንበል

ሆሳእና፡ ስግደት፡ ንጎይታ ጎይቶት።

2. ኣይሕብኦን'የ ኣነስ ተሓጉሰ እብል፡
ሰላም ኣብ ሰማያት ክብሪ ኣብ ኣርያም፡
ሰለ ዓቢ ሓይሉ ዝሃበኒ ምድሓን፡
ሆሳእና እብል ንንጉስ ሰማያት።
ተደጋሚ

3. የሱስ'ዩ ንጉሰይ ካልእ የብለይኒ፡
ልበይ ዝህቦ ዝፋን ክትኽለሉ፡
ሆሳእና እብል ንየሱስ ንጉሰይ፡
ሕጂ ንዘልኣለም ኣብ ህይወተይ ኩሉ፡
ተደጋሚ

4. ንው ህዝቢ ዓለም ሆሳእና ንበል፡
መንፈሱ ሂቡ ክቐርር መዓትና፡
ሰማይት ከፊቱ ከተርክስ ምድርና
ሆሳእና ንበል ብጽሩይ ሕሊና።

**ደ.ኣ**